ዝተፈላለዩ ዓቐን ዘሎዎም ናይ ማይ ትቦታትን መገጣጥምን : ናይ ኤሌክትሮኒክስ ንብረታትን : ኤሌክትሪክ ንብረታት : ፅሕፈት መሳርሒ ከምኡ እዉን ናይ ፈርንቸር ንብረት ብዝወፀ ስፐስፊክሽን መሰረት ካብ ሕጋዉያን ሰብ ሙያ መቕረብትን ሰብ ንብረት ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ጥቅምቲ 17, 2008 (ልዕሊ 10 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 22, 2008 06:00 ደ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:ዓ/ዓዲ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን:
- መደብ: ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቑሑት/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

ዝስዕብ ረቆሒ እተማልኡ ሰብ ሙያ ሕጋዉያን መቕረብትን ሰብ ንብረትን ኣብቲ ዝተዳለወ ናይ ግለፂ ጨረታ ሰነድ ክትሳተፉ ትኽእሉ::

ስለዚ ክትጫረቱ እትደሊዩ መቕረብቲ ናይ 2007 ዓ/ም ንግዲ ፍቓድ ዝተሃደሰ : ቲን መፍለይ ቁፅሪ ዘለኩም : ቫት ተመዘገብቲ ምዃንኩም መረዳእታ መለለይ ካርድን ከምኡዉን ዝተሃደሰ ናይ መቕረባይነት ወረቐት ዘለኩም ክትወዳደሩ ስለ እትክእሉ ናብ ትካልና ቤት ፅሕፈትና ብምቕራብ ዝርዝር ናይቲ አቑሑት ዝሐዘ ሰነድ ብር 50 /ሓምሳ/ ዘይምለስ ብምኽፋል ካብ ዓ/ዓዲ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ቀረብ መስተ ማይ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምምርን ብአካል ብምቕራብ ካብ ዕለት 16 /2/2008 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 02 /3/2008 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዜ ዉሽጢ ሰነድ እናመፃእኹም ክትወስዱ/ክትዕድጉ ከምእትኽእሉ እናገለፅና ተጫረቲ እዞም ነጥቢታት ኣብቲ ሰነድ ግልፂ ጨረታ ከማልኡ ይግባእ::

1 ምስቲ ስራሕ አግባብ ዘለዎ ናይ 2007/2008 ዓ/ም ዝተሐደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎ ኮፒ ከቅርበ ዝክእል

2 ዝተመዝገበሉ መለለይ ካርዲ ዘለዎ ኮፒ ከቅርበ ዝክእል

3 ናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ ቫት ምስክር ወረቐት ዘለዎነ ዝክፍልን ኮፒ ከቅርበ ዝክእል

4 ናይ መቕረባይ ምስክር ወረቀት ክቕርብ አለዎ ኮፒ ከቅርበ ዝክእል

5 ናይቲ ጨረታ መክበሪ ዝተፈላለዩ ዓቐን ዘለዎም ናይ ማይ ትቦታትነ መገጣጥምን ብር 5000 (ሓሙሽተሽሕ) : ናይ ኤሌክትሮኒክስ ንብረታት ብር 3000 ( ሰለስተ ሽሕ) : ናይ ኤለክትሪክ ንብረታትን ብር 4000 (ኣርባዕተ ሽሕ ) ከምኡ እዉን ናይ ፈርንቸር ንብረታት ብር 3000 (ሰለስተ ሽሕ ) ብኣፍለጦ ዘለዎ ባንኪ ዝተረጋገፀ CPO ብሽም ቤት ፅሕፈት ግልጋለት ቀረብ መስተ ማይ ከተማ ዓዓዲ ወይ ከዓ ብጥረ ገንዝብ ዝኽእል:;

6 ቫት ሓዊሱ ከመልእ አለዎ::

7 ናይ ወርሒ መስከረም ዴክላረሽን ዝክፈለሉ ኽቕርብ አለዎ::

8 ተጫረቲ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ሰነድ ጨረታ ካብ ዓ/ዓዲ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት መስተ ማይ ፈሳስን ከይዲ ስራሕ ዕ/ፋ/ን /ምም/ ር ብምዉሳድ ብክልተ ብዝተዓሸገ ፖስታ ኦርጅናልን ኮፒን ነንበይኑ ናብቲ ሰነድ ጨረታ መእተዊ ዝተዳለወ ሳፅን የእቱ::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9 እቲ ዝተዳለወ ሳፀን ክሳብ 02/3/2008 ዓ/ም ሰዓት 8:30 ናይ ንጉሆ ድሕሪ ይፀንሕ::

10 ጨረታ ዝኽፈተሉ ሳፀን ዕለት 03/08/2007 ዓ/ም ሰዓት 2:31 ናይ ንጉሆ ይዕሸግ::

12 ጨረታ ዝኽፈተሉ ቦታ ዓዓዲ ቤት ፅሕፈት ግልጋለት ቀረብ መስተ ማይ ከይዲ ስራሕ ዕ/ፋ/ን/ምም/ር ኮይኑ ዕለት 02/ 03 /2007 ዓ/ም ሰዓት 8:35 ንጉሆ ተጫራታይ ወይ ሕጋዊ ወኪል ኣብ ዝተረክብሉ ኣብ ዘይተረኽብሉ እዉን ኣማሊኡ እተተረኺቡ እቲ ጨረታ ፖስታ ዝኽፈት ምካኑ::

12 ዘሸነፈ ተጫራታይ ንዘሸነፈሎም ኣቁሑት መጎዓዓዚ መፅዓንን መራገፍን ባዐሉ ይሸፍን/ ናብ ዓ/ ዓዲ ቤት ፅሕፈት ግልጋለት ቀረብ መስተ ማይ የረክብ::

13 ተጫራታይ እቲ ጨረታ አሸኒፉ ተባሂሉ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ ሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልቲታት ዉዕል ብምእሳር ኣብ ዉሽጢ ዓሰርተ ተከታተለቲ ስራሕ መዓልቲታት ንብረት ብሙሉእነት የቕርብ::

15 ብአሸናፍነት ተመዝጊቡ ብእዋኑ ኣቑሑት ንዘይኣቅረበ መቕረባይ በቲ ናይ ጨረታ ደንቢ መሰረት አብ መዓልቲ 1/1000 ብር ይቕፃዕ::

16 ዝኾነ ተጫራታይ ናይ ጨረታ ዋጋ አብቲ ዝወስዶ ዝተዳለወ ባዶ ጨረታ ሰነድ ብትክክል አቐሚጡ ክወዳደር አለዎ ካብኡ ወፃኢ ብካሊእ ሰነድ ዘቕርብ እቲ ቤት ፅሕፈት ኣይቕበሎን ዉድቂ ይኽዉን::

16 ካብ ዝተቀመጠ ስፐስፊኬሽን ወፃእን አብቲ ቅጥዒ መብረሂ ኣብ ዝብል ምምላእን ኣይፍቀድን::

17 ተወዳዳሪ ተጫራታይ አብ ዘቕርቦ ናይ ግለፂ ጨረታ ሰነድ ሽሙ : ፊርሙኡነ ኣድራሽኡን ማህተመ ናይቲ መቕረባይ (ድርጅት ) ብትክክል ዘየቐመጠ ንምንባብ አፀጋሚ ዝኾነ ፊደል ወይ አሃዝ ዘቐመጠ ብቀጥታ ካብቲ ጨረታ ይስረዝ::

19 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ኮነ ብኽፋል ናይ ምስረዝ መሰሉ ሕልዉ እዩ::

20 እቲ ዝቐርብ ሕድ ሕድ ንብረት ኦርጅናል ክኽዉን አለዎ::

21 ናይ ኤሌክትሪክ ኳልኩሌተር: ድጅታል ካሜራ: ኮምፒተር ሕድ ሕዶም ናይ ሐደ ዓመት ዉሕስና ክህብ ዝኽእል::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle